# ሓበሬታ ንወለድን፡ መማህራንን ቋንቋ-ኣደ ትግርኛ

ኣብ መጻሕፍትን፡ ናውቲ መምሃርን ትግርኛ

## Weledo Publications Enterprise

ዝተመርኮሰ ሓበሬታ

**መም. ኣቤል ኣብርሃም**

መጋቢት 2013

Publications Enterprise: www.weledo.com

# መእተዊ

*እዛ ሓጻር መወከሲ ኣገባብ፡ ብዛዕባ ኣስተምህሮ ቋንቋ-ኣደ ትግርኛ፡ ኣብ ስደት ንዝዓብዩ ቆልዑ፣ ንወለድን፡ ግዱሳት ኣለይትን ዝተዳለወት እያ። እቲ ቀሪቡ ዘሎ ሓሳባት፡ ኣብ ዓውዲ መጽናዕቲ ምዕባለ ቋንቋ፡ ብዝተጠርዩ ውህሉል ኣፍልጦ፡ ዝተነድቐ እኳ እንተኾነ፣ ቀንዲ መወከሲ ትሕዝቶ ግን፡ ብወለዶ መጻሕፍቲ ትግርኛ ንቖልዑ ([Weledo Publications Enterprise](Weledo Publications Enterprise))፡ ተዘርጊሖም ዘለዉ ናውቲ ኣስተምህሮን፣ ግቡእ ኣጠቓቕማን እዩ።*

*ኣብዚ ኣንባቢ ክስተውዕለሉ ዝግባእ፡ እዞም ቀሪቦም ዘለዉ ሓሳባት፡ ኪንዮ እቲ ክሳብ እዚ እዋን ብወለዶ ([www.weledo.com](http://www.weledo.com)) ተዳልዮም ዘለዉ፡ ናውቲ መምሃሪ ትግርኛ፡ ብኻልኦት ፈጠራዊ ዓቕሚ ወላዲ ብዝዳለዉ ትሕዝቶታት እውን፡ ኣብ ግብሪ ክውዕሉ ከም ዝኽእሉ እዩ። እዚ ስለዝኾነ ድማ፡ እዞም ኣብዚ ከም ወከሲ ቀሪቦም ዘለዉ ዝርዝራት ናውቲ መምሃሪ፡ ከም መበገሲ ድኣምበር፡ ደረት ዓቕሚ ክውስን ከምዘይብሉ፡ ምዝካር የድልይ።*

*ንተወሳኺ ሕቶታት፣ ንሃናጺ ርእይቶን፣ ንሓበሬታ ዕድጊ መጻሕፍትን፡ ካልእ ናውቲ መምሃሪ ትግርኛን፡ ብዝምልከት ኣብ ኢ-ሜይልና፡ [admin@weledo.com](mailto:admin@weledo.com) ወይ ድማ ብተሌፎን፡ ካናዳ (1) 204 – 219 – 0507 ፡ ክትውከሱና፣ ብልዑል ኣኽብሮት ንዕድም።*

# 1. ኣስተምህሮ ፊደል ትግርኛ

## 1.1 መጽሓፍ ፊደል ትግርኛ

*(My First Tigrigna Alphabet book – ISBN 978-1475104554)*

*ቆልዑ፡ ካብ ከባቢ ሰለስተ ዓመት ዕድመ ጀሚሮም፡ ኣፍልጦ ፊደል ቋንቋ ትግርኛ፡ ክላለዩ የድልዮ። እዛ መጽሓፍ፡ ብፍኹስ ዝበለን፡ ብመሳጢ ስእላዊ ትሕዝቶታት ተሰንያ፡ ዝተዳለወት እያ።*

*ቆልዑ፣ እንተወሓደ፡ ሓደ ግይዜ ኣብ መዓልቲ፡ ንኹለን ገጻት መጽሓፍ፡ ምስ ዘንብቡ ድማ፡ ኣብ ሓጺር እዋን፡ ናብ ጽቡቕ ደረጃ ኣፍልጦ ፊደላት ንክበጽሑ ትሕግዝ።*

## 1.2 ፊደል ትግርኛ፡ መዘከሪ ካርታ

*(Tigrigna Alphabet Memory Flash Cards, Weledo/Game Crafters Inc.)*

*ካብ መጽሓፍ ፊደል ትግርኛ፡ ዝቕሰም ኣፍልጦ ፊደላት፡ ብሓባሪ ስእሊታት ዝተደገፈ ስለ ዝኾነ፡ እዛ ናይ መዘከሪ ካርታ፡ ቆልዑ ብዘይ ዝኾነ ሓባሪ ትሕዝቶ፡ ንፊደላት ክዝክሩን፡ ክስተውዕሉን እትሕግዝ እያ።*

*ኣብ ዝተፈላለየ ስሩዕ፡ ወይ እውን ዘይስሩዕ ኣጋጣሚታት፡ ቆልዑ ንኽጥቀሙላ ዕድል ምሃብ ድማ፡ ኣፍልጦ ፊደላት ከደልድሉ ይገብር። ብመንጽር ዕድመ ምስ እንርእይ፡ ኣብ ከባቢ ኣርባዕተ ዓመት፡ ንዘለዉ ቆልዑ፡ ኣዝዩ ሓጋዚ እዩ ዝብል እምነት ኣሎ።*

# 2. ኣስተምህሮ ሓፈሻዊ ክእለት ቋንቋ ትግርኛ

## 2.1 ቁጽሪ፡ ሕብርን፡ ቅርጽን ንቕድመ-ትምህርቲ

*(Counting, Colours and Shapes in Tigrigna – ISBN 978-1475235753)*

*ምስ ምዕባለ ኣፍልጦ ፊደላት ቋንቋ ትግርኛ፡ ሓቢሩ ዝኸይድ ትሕዝቶ ቅድመ-ትምህርቲ፡ ዝሓዘለት ኮይና፣ እዛ መጽሓፍ፡ ልክዕ ከምቲ ክብ ኢሉ ዝተገልጸ፡ ኣገባብ ኣጠቓቕማ መጽሓፍ ፊደል፡ ትኽተል። ቆልዑ፣ ኣብ መዓልታዊ ዕዮ ንባብ ትግርኛ ድማ፡ ንመዓልቲ ሓደ ግይዜ፡ ምስ ዘንብቡዋ፡ ኣዝያ ውጽኢታዊት ትኸውን። ካብ ዕድመ ክልተ ዓመትን ፈረቓን፡ ንላዕሊ ንዘለዉ ቆልዑ ክንጥቀመላ ድማ ይከኣል።*

## 2.2 ጽውጽዋይ

*(Good Moral Stories in Tigrigna – ISBN 147910213X)*

*እዛ፣ ብምሉእ ሕብራዊ ትሕዝቶን፡ ገላጺ ስእልታትን፡ ዝተዳለወት መጽሓፍ ዛንታታት፣ ንዕድመ ሓሙሽተ ዓመትን፡ ልዕሊኡን ዘለዉ ቆልዑ ዝተዳለወት እያ። እቲ ውጽኢታዊ ተባሂሉ ዝእመነሉ ኣገባብ ኣጠቓቕማ ድማ፡ ወለዲ ኣብ ፍሉይ እዋን ነፍሲ-ወከፍ መዓልቲ (እዋን፡ ቅድሚ ድቃስ፡ ዝበለጸ ይኸውን) ብምሕዛእ፡ ንቆልዑ ምስ ዘንብቡሎም እዩ። ኣብ ሓደ ኣጋጣሚ ንባብ ድማ፡ ሓንቲ ዛንታ ጥራይ ይውከሱ።*

*እብ ፈለማ ግዝያት፡ ተወሳኺ መግለጽን፡ ምስትርጓምን የድልይ። እቲ ዕላማ ግን፡ ምዕባለ ቆልዑ እናተመዝነ፡ እቲ ዝወሃብ ሓገዝ ምንካይ እዩ። ድሕሪ ንባብ ዛንታ፡ ቆልዑ ብዛዕባ ርድኢቶም ክሕተቱን፡ ሓደ-ሓደ ትሕዝቶታት ዛንታ፡ ብኣንደበቶም ክደግሙን ምትብባዕ የድሊ። እንተወሓደ፣ ኣብ ነፍሲ-ወከፍ እዋን ንባብ ዛንታ፡  ወላዲ፡ ዓሰርተ-ሓሙሽተ ደቒቕ ፡ ምስዘወፊ ድማ ውጽኢቱ፡ ኣዝዩ ኣድማዒ ይኸውን።*

### 2.3 ቃላት ትግርኛ መዘከሪ ካርታ

*(Tigrigna Vocabulary Memory Play Cards, Weledo/Game Crafters Inc.)*

*እዛ ብጸወታ መልክዕ፡ ዝተዳለወት ትሕዝቶ መምሃሪ ትግርኛ፡ ኣብ ዝተረኽበ ኣጋጣሚ፡ ክንጥቀመላ ይከኣል። ኮይኑ ግን፡ ወላዲ፡ ንምዕባለ ኣፍልጦን፡ ርድኢት ትርጉም ቃላትን፡ ቆልዑ ቐጸሊ ብምክትታል፡ ኣብ ምህናጽ ኣፍልጦ ብዝሒ ቃላት ከተኩር ይግባእ።*

*ትሕዝቶ እዛ ናውቲ መምሃሪ፡ ስእላውን፡ ጽሑፋውን ኮይኑ፡ ኣብ ኣቀራርባ እውን ንዝተፈላለየ ተወሳኺ ኣጠቓቕማ ዝዕድም ቅዲ ትኽተል። ካብ ከባቢ ሓሙሽተ ዕድመ ንላዕሊ ዘለዉ ቆልዑ ድማ፡ ዝያዳ ተጠቀምቲ ከም ዝኾኑ ይእመን።*

## 3. ኣስተምህሮ ንባብን፡ ጽሑፍን ትግርኛ፡

### 3.1 ንባብን፡ ጽሑፍን ትግርኛ - ቐዳማይ

*(Read and Write Tigrigna Level I – ISBN 978-1477408773)*

*ቆልዑ፡ ካብ ከባቢ ኣርባዕተ ክሳብ ሓሙሽተ ዓመት ዕድመ፡ ኣብ ዘሎ እዋን፡ ክእለት ኢደ-ጽሕፈት ዝጅምርሉ መድርኽ እዩ። እዛ ፈላሚት ወይ ቐዳማይ መጽሓፍ ንባብን፡ ጽሕፈትን ድማ፡ ነዚ ኣብ ግምት ዘእተወት እያ። ካብ ምድማቕ ዝሃሰሱ ፊደላት፡ ክሳብ ንጹርን፡ ኣተኣማማንን ክእለት ኢደ-ጽሑፍ ዘማዕብሉ ዕዮታት ድማ ተቕርብ።*

*ወለዲ፡ ንዕባለ ክእለት ቆልዑ እናተኸታተሉ፡ ምስ ደረጃ ዓቕሚ እቲ ቆልዓ ዝሳነ ዕዮታት ክመርጹ ይግባእ። ኣብ ሓደ እዋን ዕዮ፡ ሓደ ደረጃ ኣነጺርካ ምስራሕ ድማ የድሊ። ንኣብነት፡ ኣብ ፈለማ ደረጃ ብቕዓት ኢደ-ጽሕፈት ዘሎ ቆልዓ፡ ኣብ ምድማቕ ዝሃሰሱ ፊደላት ዝርከቡ ዕዮታት፡ እኹል ግይዜ ከወፊ ምትብባዕ የድሊ።*

### 3.2 ንባብን፡ ጽሑፍን ትግርኛ - ካልኣይ

*(Read and Write Tigrigna Level II – ISBN 978-1477674369)*፡

*እዛ መጽሓፍ፡ ነቲ ኣብ ቐዳማይ ደረጃ ዝተሃንጸ ክእለት፡ ንባብን ጽሑፍን፡ ንምድልዳልን፡ ብምቅይያር ፊደላት ኣቢሉ ዝተኣታቶ ሰዋስወኣዊ ለውጢ ኣብ ትርጉም ግሲ፡ ከተፈልም ዝተዳለወት እያ። ሽሕ እኳ፡ ቆልዑ ካብ መጽሓፍ ንባብን፡ ጽሑፍን ቐዳማይ፡ ናብ መጽሓፍ ንባብን፡ ጽሑፍን ሳልሳይ፡ ብቐጥታ ክሰግሩ ዝኽኣል እንተኾነ፣ ኣብ ዕዮታት እዛ መጽሓፍ፡ እኹል ግይዜ ክወፍዩ፡ ተመራጺ እዩ።*

*ኣብቲ ዝቕጽል ብርኪ፡ ንባብን፡ ጽሑፍን ድማ፡ ትርር ዝበለ ዓቕሚ ሒዞም ክጅምሩ ይሕግዝ። ከም መሰረታዊ ቕዲ፡ ኩሎም መጻሕፍቲ ቆልዑ፡ ብሕብራዊ ስእልን፡ ንጹር ትሕዝቶን ዝተሰነዩ ድማ እዮም።*

### 3.3 ንባብን፡ ጽሑፍን ትግርኛ - ሳልሳይ

*(Read and Write Tigrigna Level III – ISBN 978-1481894326)*፡

*እዛ መጽሓፍ፡ መፈለሚ ኣፍልጦ ሰዋስው ኮይና ከተገልግል ዝተዳለወት እያ። ብትሕዝቶ ድማ፡ ከም ቐዳማይ ብርኪ፡ ዕዮ ሰዋስው ክትውሰድ ትኽኣል። ብልሙድ ኣቀራርባ ቕዲ፡ ወለዶ መጻሕፍቲ ትግርኛ ቆልዑ (Weledo Publications) ተዳልያ ድማ፡ መሳጥን፡ ስሉጥን ኣገባብ ርድኢት ስርዓተ-ሰዋስው ተቕርብ።*

*ኣብዚ ደረጃ ኣስተምህሮ ቋንቋ ትግርኛ ድማ፡ ቆልዑ ኣብ ቅኑዕ ሰዋስወኣዊ ኣተሃናንጻ ምልኣተ ሓሳብን፡ እሩም ኣደማምጻ ቃላትን ኣድሂቦም ክዓዩ ይዕደሙ።*

## መደምደምታ

እዞም ክብ ኢሎም ዝተዘርዘሩ፡ መጻሕፍትን፡ ካልኦት ናውቲ መምሃሪ ቋንቋ ትግርኛ፡ ነቶም ኣብ ስደት ዝዓብዩ ደቅና፡ ባህሎም፡ መንነቶምን፡ ታሪኾምን ኣብ ምውራስ ንዝግበር ጻዕሪ፡ ዓቢ ድርኺት ዝፈጥሩ እዮም። ብተወሳኺ ድማ፡ ወለድን ቆልዑን ኣብ ሓባራዊ ዕማም እናሳተፈ፡ ብፍቕሪን፡ ሓልዮትን፡ እናኾስኮሱ፡ ኣብ ምዕቃብ ክብሪ መንነት ስድራቤት፡ ሃገርን፡ ታሪኽን ልዑል እጃም የበርክቱ።

ነዚ ቅዱስ ዕላማ ንምዕዋት ድማ፡ ኣዞም መጻሕፍትን፡ ናይ መምሃሪ ናውትን ናብ ኩሎም ኣብ ስደት ዝነብሩ ኤርትራውያን፡ ብሰፊሕ ንክዝርግሑ፣ ንማሕበረ ኮማትን፡ ካልኦት ወሃብቲ ኣስተምህሮ ቋንቋ-ኣደ ትግርኛን፡ ብፍሉይ ዓቕን ዋጋ ተዳልዩ ስለ ዘሎ፡ በቲ ኣብ መእትዊ ጽሑፍ ተሓቢሩ ዘሎ፡ ኣድራሻን፡ ቁጽሪ ስልክን፡ ረኺብኩም ክትውከሱና፡ ብኣኽብሮት ንዕድም። ንውልቂ ተጠቀምቲ ብዝምልከት፡ መጻሕፍትና ብኣማዞን ዳት ኮም፡ ናብ መላዕ ዓለም ተዘርጊሑም ምህላዎምን፡ ኣብ ዉሽጢ ሒደት መዓልታት ናብ ተጠቀምቲ ከም ዝበጽሑ፡ ከነበስረኩም ንፈቱ።

Weledo Publications Enterprise, www.weledo.com

Winnipeg, MB Canada

March 2013